## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቊጽሪ 7፦ ዓዋተ ኮም

ዝኽበርኩም ጉባኤኛታት፡

ብመጀመርታ ሰላምታይ ተቐበሉ።

ኣብ'ዚ ጉባኤኹም፡ ከምኡ ድማ፡ ኣብ'ቲ ኣብ'ዚ ክረምቲ ኣብ ሱዳን ክግበር ተመዲቡ ዝነበረ ካልእ ጉባኤታት ንኽካፈል ካብ ነዊሕ ግዜ መደብ ከም ዝጸንሓኒ ገለኹም ኣሕዋት ትፈልጡ ትኾኑ። ግን፡ "ንፈስ መርከብ ብዘይተመነዮ ገጹ ይነፍስ" ከምዝብሃል፤ ናይ መንግስቲ ሱዳን ውሳኔ፡ ከመዓልኩም ዘይቀደሞ፡ ናብ ዘይሓሰብናዮ ገጹ ነፊሱና።

ሎሚ፡ ኣብ ዝመጽእ ጉባኤኹም፡ ኣብ ሱዳን ኰነ ኣብ ኢትዮጵያ፡ የራኽበና ክብለኩም መርገም ኰይኑ ስለዝስምዓኒ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ንጋባኣሉ ኵነታት ንምፍጣር ኣጥቢቕና ክንቃለስ እላበወኩም። ግዜ ጠላም ምኻኑ፡ ካባይ ንላዕሊ ስለ እትፈልጥዎ፡ ኣብ ጉባኤታትናን ኣኼባታትናን፡ ልክዕ ከም'ቲ ንዕላማታትናን ፖለቲካዊ ሕንጻጻትናን እንህቦ ኣቓልቦ፡ ንናይ ግዜ ጉዳይ ድማ፡ ብገደብ ክንምጥኖን ብርቱዕ ኣቓልቦ ክንህቦን ተስፋይ ዓቢ ኢዩ።

ዝኽበርኩም ጉባኤኛታት፡

ካባይ ንላዕሊ ከም እተትፈልጥዎ፡ ናይ ዞባና ፖለቲካዊ ምዕባለታት፡ ትንቢት ከተንብረሉ ዘየኽእለካ ዘይርጉእ ዳይናሚካዊ ጉዳይ ኢዩ። ኢሳያስን ሕልሙን ክፍኣቱን እንተተወሲኽዎ ድማ፡ ኣዝዩ ተለዋዋጢ ናይ ጥቕምታት ሚዛናት ከምዝኽተል ንኸልና ብሩህ ኢዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ኢሳያስን ሰዓብቱን፡ ገለ ናይ ሞራል ይኹን ናይ ባህሊ ኮምፓስ ስለዘይብሎም ኢዩ።

ከም ተቓወምቲ እንውንኖ ዓቕምታት ውሱን ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ክንጠምሮን ከነሳንዮን ብዘይምኽኣልና፡ ኣብ ሃገርና እንቈጻጸሮ ደጀን ስለዘይብልና፡ ዓቕምታትና ኣዝዩ ምጡን ብምኻኑ፡ ክሳብ ሕጂ ዘፍረናዮ ውጽኢት ብዙሕ እንሕበነሉ ኣይኰነን። ልክዕ፡ ኵነታት ኣይሓገዘናን ክንብል እንተኽኣልና ውን፡ ንዘጋጥመና ኵነታት ብብቕዓት ገጢምናዮ ክንብል ኣይንደፍርን።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ መንግስቲ ሱዳን ብዝወሰዶ ውሳኔ ከይተደናገረ፡ ነዚ ጉባኤ ብቕልጡፍ መፍትሒ ክረኽበሉ ምኽኣሉ፡ ዝድነቕን ዝምስገንን ስጕምቲ ኰይኑ፥ ነቲ ካልእ ናይ ተቓውሞ ጸገማት ድማ፡ ዘደንቕን ዝምስገንን መፍትሒታት ክትረኽብሉ ተስፋይ ምሉእ ኢዩ።

ናይ ዞባና ዘይምርግጋእ፡ ተሰሓሓብን ተለዋዋጥን ጥቕምታት ስለዝኽተሎ፡ ንርእዮ ዘሎና ፖለቲካዊ ወጥሪ፡ ጽባሕ እንታይ ለውጢ የምጽኣልና ንምፍላጥ ኣሸጋሪ ኢዩ። ኣብ ሶማልያ ተረኺቡ ዘሎ ምዕባለታት፡ ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን እንታይ ዝዓይነቱ ታክቲክን ስትራተጂን ለውጢ ከምጽኣልናይ ይኽእል ኢልና ክንመራመርን ተቐሪብና ክንጸንሕን ይግብኣና። ህግዲፍ፡ ንናይ ሶማልያ ጉዳይ፡ ናብ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ መውደቒ ዓዘቕቲ ክልውጦ ይፍትን ከምዘሎ ተጋሂዱ ኣሎ። ነቲ ብ1977 ዝተራእየ ናይ ኦጋደን ውግእ፡ ዳግማይ ከባርዖ ለይትን መዓልትን

ይጽዕር ኣሎ። እዚ ናይ ኢሳያስ ቁማር፡ ኣብ ዓቕምታት ኤርትራ ዘስዕቦ ብርሰት ንጐኒ ገዲፍካ፡ ንዞባና ናብ ናይ ሃይማኖታዊ ግጥምያ ደልሃመት ዝሸትት ጥራሕ ዘይኰነስ፥ ናይ ዓለምን ማእከላይ ምብራቕን ሓይልታት ሕሳቦም ዘጻርዩሉ ሜዳ ክሽውን ዝዕድም ዘይሓላፍነታዊ ጸረ-ሰላም ዝኾነ ስራሕ ኢዩ። ብዝመስለኒ፡ እዚ ኵነታት'ዚ፡ ምስ ግዜ ክንቀዳደምን ምንቅስቓሳትና ከነቀላጥፍን ይድርኸና።

ኣግሂድና ክንዛረብ፡ ምስ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ተቓውሞ ኤርትራ ርኽክብ፡ ኣብ ዝቕጽል ምዕባለታት ብዥመይ ክጽሎ'ዩ ኢልና ምስ እንሓትት፤ መልሱ ክንግምቶ ደኣ'ምበር፡ ኣቐዲምና ክንፈልጦ ኣሸጋሪ ኢዩ። ሕጂ ዘሎ ርኽክብን ኵነታትን፡ ጽባሕ ከይህሉ ይኽእል ኢዩ። ዋሕስነት ስለዘየለ ድማ፡ እዚ ናይ ሕጂ ኵነታት ብዝከኣል ክንጥቀመሉ ኣሎና። ንኣብነት፡ ምሕዝነት ሰንዓ ክብሃል ነዊሕ ከምዝገበረ ኵላትና እንፈልጦ ሓቂ'ዩ። ግናኸ፡ የመን ክሳብ ሕጂ ብምሉእ ልባ ኣብ ጐኒ ተቓወምቲ ደው ከምዘይበለት ኣዐርዩ ርዱእ ኢዩ። ሱዳን፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ሽግራት ስለዝበዝሓ፡ ስርዓት ኢሳያስ ድማ፡ ኣዐርዩ ከምዘድምያ ስለእንፈልጥ፡ መርገጺ ክለዋወጥ ከምዝኽእል ክንዝንግዕ የብልናን። ናይ ኢትዮጵያ መርገጽ፡ እዚ ዘሎ ስርዓት ክሳብ ዘሎ፡ ምስ ህግዲፍ ርኽክብ ኣይክህልዎን ኢዩ ዝብል ዕግበት ይሃሉ ደኣ'ምበር፥ ምስ ተለዋዋጢ ዝኾነ ፖለቲካ ዞባና ክርእ እንከሎ፡ ሚእቲ ብሚእቲ ተኣማሚንካ እትሓልፎ ጒዳይ ኣይኰነን። በዚ ምኽንያት ኢዩ፡ ርኽክብና ኣብ ስትራተጂ ዝተመርኰሰ ክሽውን ዘለዎ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ግዝያዊ ጥቕምታት ዝስረት ምሕዝነት ዘየተኣማምን ስለዝኾነ።

ምሕዝነትና፡ ብቐዳምነት ምስ "ግዜ" ክንገብር ይግብኣና። "ግዜ" ቀዳማይ መሓዛና እንተዘይገርናዮ፡ ቀዳማይ ጸላኢና ከምዝሽውን ክንጠራጠር የብልናን። ኣዋርሕ ምስ ዝሓልፍ፡ ኣብ ዘይንፈልጦ ኵነታት ከእትወና ስለዝኽእል፥ ነቲ ኣቲኹሞ ዘለኹም ናይ ተቓውሞ ኪዳን ብዝበርትዐ ክትሰርሕሉን፡ ዘለኩም ዓቕምታት ከተወፍይሉን፡ ቀንዲ ለበዋይ ኢዩ።

ኣብ ትሕቲ ህግዲፍ ዘሎ እንፈትዎ ህዝብና ይጽንት ኢዩ ዘሎ። ካልእ ክፋል ህዝብና ድማ፡ ዝፈትዎ ሃገሩ ራሕሪሑ ይስደድ ኣሎ። ቅድሚ ዓመት ዝተሰደ ድማ፡ ንወለዶታት ኣብ ስደት ይበሊ'ሎ። እምብኣር፡ ቃልስና ምስ ዓመጽ ህግዲፍ ጥራሕ ኣይኰነን፤ ግዜን ህግዲፍን ተሻሪኾም ገጢሞምና ኣለዉ'ሞ፡ ብድሆና ክብድ ዝበለ ኰይኑ ኣሎ።

ዝኸበርኩም ጒባኤኛታት፡

ካብ'ዚ ጒባኤ፡ ዓይነታዊ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ውሳኔታት ኣሕሊፍኩም ክትወጹ ዘሎኒ ትጽቢት ዓቢ ምኳኑ እናገለጽኩ፡ ዓወትን ኣሳልጦን እምነየልኩም።

ብስመይን ብስም ኣባላት ዓዋተ.ኮም

ሳልሕ ቓዲ